# ሰንበት ዘምኵራብ

ብኣባ ዓውተ ወልዱ   ማ. ሲቶ

ማልሰይቲ ሰንበት ዘምኵራብ ተባሂላ ትጽዋዕ፤ ምኲራብ ከኣ ቤተ ጸሎት ማለት ኢዩ። ጐ. ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ቤተ ጸሎት እናኸደ የስተምህርን የሕውን ከም ዝነበረ ዜረድእ ኢዩ። (ሉቃ 19፡ 47)

| | | |
|---|---|---|
| ያሬዳዊ መዝሙር- | | ኢየሱስ ኣብ ቤተ መቅደስ ኣትዩ ቃለ - ሃይማኖት መሃረ ዚብል ኢዩ'። |
| ንባባት - | ቈላ 2፡ 16 - 23 | ኣፋኣዊ ሕግታት ምሕላው ዘይኮነስ ናብ ክርስቶስ ዝተመሥረተ ሕይወት ንበሩ። |
| | ያዕ፡ 2፡ 14 - 26 | ሃይማኖት ብዘይ ተግባር ምውቲ ኢያ። |
| | ግሓ 10፡ 1 -9 | ኃይሊ ወንጌል ንኣረማውያን መራሕቲ ከይተረፈ ኪልውጦም ከም ዝተረክበ ይናገር። |
| ምስባክ - | መዝ፡ 69፡ 9 - 10 | ንቤትካ ዘሎኒ መንፈሳዊ ቅንኢ ከም ሓዊ የንድደኒ ኣሎ ጸርፊ እቶም ዝፀርፉካውን ኣባይ ወደቐ እናበኼኹ ንነፍሰይ ብጾም ኣሕሳእክዋ። |
| | ዮሓ፡ 2፡ 12- 25 | ንቤት ኣቦይ ቤት ሸቐጥ ኣይትግበርዎ ... ምስክር ሥልጣነይ ከኣ ንሞት ሥዒርካ ኣብ ሣልሳይ መዓልቲ ምትንሣእ ኢዩ። |

ንንግደት ኢሎም ካብ ርሑቕን ቀረባን፡ ክንደይ ኣድካምን ድንገተይናን ጕዕዞ ተጓዒዞም፡ ኣብ ቤት መቕደስ ኢየሩሳሌም ተኣኪቦም፡ ንቅድስቲ ከተማ ኢየሩሳሌም ብደኃን-ሰላም ዜብጽሖምን፡ ብኹሉ እቲ ኣምላኽ ዝገበረሎምን፡ ምእንቲ መለኮታዊ ክብሩን ሞገሱን ንመሥዋዕቲ ምስጋና ዜቕርብዎ፡ ዝበለጸን ኣበር ዘይብሉን ብንጹሕ ገንዘብ ሓላሎም ዝተገዝአን መሥዋዕቲ ምቕራብ የድልዮም ነበረ።

እዚ፡ ኣብ ኢየሩሳሌም ንዝነበሩ ኣይሁዳውያን፡ ዓቢይ ዕድል ዕዳጋን ሸቐጥን ከፊቱሎም ነበረ። እንተኾነ ንነጋድያን "ገንዘብኩም ንቤተመቕደስ ኪውፈ ዚበቕዕ ስለ ዘይኮነ ኣብ ገንዘብና ኪቕየር ኣለዎ፣ ንማሕረዲ ንእትገዝእወን ከዓ ርኢና መርሚርና ጕድልነት ንዘይርከበን ጥራሕ ኢና ንቕበል" ይብልዎም ነበሩ። ኣብ ሞንጎ'ዚ ምልውዋጥ፡ ርኡይ ዓመጽን ናይ ዋጋ ናህርን ይረአ ነበረ። መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ንእግዚኣብሔር ኣብ ካብ ዘልዓለም ዜፍቅርን ቅንዕናን ርትዕን ኣብ ቃሉን ኣብ ግብሩን ሕያው ዝኾነን ንደቂ እግዚኣብሔር ኵልና ስለ ዜፍቅረናን ብቕንዕናን ብርትዕን ክንመላለስ ይእዝዛናን ይጽበየናን ይደልየናን። ኣብ ቅድሚኡ ብሽም ኣምላኽን "ምእንቲ ኣምላኽን" ኢልካ ዚፍጸም ንዝነበረ ኮነ፡ ዚፍጸም ዘሎ፡ ወይ ኪፍጸም ዚከኣል ዓመጽ ኪዕገሶን ሸለል ኪብሎን ኣይኽእልን ኢዩ። ርትዒ ብርእሳ ስለ ዝኾነ፡ ንዓመጻ ብምጽላእ፡ ኣብ ቤት ጸሎት ሸቐጥን ዓመጽን ኪግበር ምስ ረኣየ፡ ካብ ቤት መቕደስ ሰጐጎም። ንዓመጻ ብምጽላእ ስለዝተቈጠዐ፡ ኣድላይን መሃርን ስጕምቲ ወሰደ።

ጎልና ዘይብሎም ሰባት ብናይ ገርህይናታት ሕይወትን ንብረትን ኪጻወቱ ከለዉን፡ ርትዕን ፍትሕን ኪዘናበል እንከሎን፡ ኣምላኽ ከም ዚሓዝንን ከምዚቕጣዕን የመልክት።

ንክርስቶስ ዜቈጠዖን፡ ነዚ ስጕምቲ'ዚ ከምዚወስድ ዚገበሮን፡

1ይ፡   ኣኽብሮን፡ ርትዕን፡ ፍቕሪ ብጻይን፡ ኃልዮትን ዘይብሉ ኣምልኾ ኢዩ።

ዓመጻ እናሠራሕካ ’ንኣምላኽ ኣኽብር ኣሎኹ’ ማለት ’ንዓመጻይ ምእንቲ ክብርኻ ኣወፍየልካ ኣሎኹ፡ ብዓመጻይ ክበርን ተመስገንን፡’ ከም ምባል ኢዩ። ዕላማ ቤት ኣምላኽን ናብ ቤት ኣምላኽን ናይ ምኻድ ዕላማን እንተ ተረሰዐን እንተ ተዘናበለን፡ ኣፍኣውን ሰብኣውን፡ ንጊዜያዊ ጥቕሚ ዝዓለመን ኪኸውን ከሎ፡ ምስ ኣምላኽናን ምስ መልዕልተ ባህርያዊ ሃብትታቱን ኬራኽበና ኣይኽእልን ኢዩ። ኣብ ቤት መቕደስ ትርፍን ሽርፍን፡ ክሳራን መኽሰብን፡ ከም ዕላማ እንተ ተወሲዱ፡ ዕላማኡ ስሒቱ ማለት ኢዩ።

2ይ፡ መሥዋዕቲ እንስሳ ንሰብ ምስ ኣምላኽ ኬተዓርቕ ከም ዘይኽእል ዘይምግንዛቦም።
ኣምላኽ ደጋጊሙ ብነብያት ገይሩ *"ዚሓርር መሥዋዕትኹምን መሥዋዕቲ ደዓውልኩምን፡ መሥዋዕቲ ስቡሓት ከብትኹምን ጸሊአዮ ኣሎኹ። ደም ኣራሑ ኮነ ደም ደዓውል ወይ ደም ዲበላታት ባህ ኣየብለንን ኢዩ። ክፉኣት እናገበር ኩም እትገብርዎ ኣኼባታት ክጽመሞ ኣይኽእልን ኢየ"* (ኢሳ፡ 1፡ 11-14 ርአ) ይብሎም ነበረ።ዝኾነ ንኣምልኾ እግዚኣብሔር ዜዘናብል ተግባራትን ልማዳትን ሰብኣዊ ሥርዓታትን ክነወግዶም የድሊ።

3ይ፡ ምስ ኣምላኾም ኪራኸቡ ንዚመጹ ዘይኣይሁዳውያን መንገዲ ይዓጽዉሎም ስለ ዝነበሩ።
ቤት መቕደስ ኣይሁድ ኣብ ኣርባዕተ ደረጃታት ኢዩ ዚኽፈል ዝነበረ፣

1. ሥፍራ ዘይኣይሁዳውያን (ኣረማውያን) ኣፍኣዊ ክፋል፣
2. ሥፍራ ኣንስቲ
3. ሥፍራ ኣይሁዳውያን
4. ሥፍራ ካህናት።

እቲ ሸቐጥን ሽርፍን ንግድን ዓመጽ ዚፍጸመሉ ዝነበረን ቦታ እቲ ቀዳማይ ክፋል ቤተመቕደስ (ኣብ ቀጽሪ ቤት መቕደስ)፡ እቲ ንኣይሁዳውያን ዝተሓዝዐ ቦታ ነበረ። ኪነግዱን፡ ንኣምላኽ መሥዋዕቲ ምስጋና ኬቕርቡ ንዝመጹ ኣረማውያን፡ ኣብቲ ዚፍቀደሎም ዝነበረ ቦታ ኰይኖም ብሰላም ከይጽልዩ፡ ነቲ ቦታ’ቲ ሥፍራ ሽቐጥ ብምግባር የዕግርግሩዎም ነበሩ።

ኣምላኽ፡ ኣምላኽ ኵልና፡ ብኣርኣያኡን ብኣምሳሉን ዝፈጠረና፡ እምበር ኣምላኽ ገለና ጥራሕ ኣይኮነን። ብትውልድን ብዓሌትን ዚምራሕ ሃይማኖትን ኣምልኾን፡ ቅንዕና ዘይብሉን ንኣምላኽ ክንዲ ዜኽብር፡ ዜሕዝኖ ምኻኑ ንምግላጽ፡ *"ቤተይ ቤት ጸሎት ኢዩ ዚስመ፡ ንስኻትኩም ግና በዓቲ ሰረቕቲ ገበርክሙዎ"* እናበለ፡ ነቶም ውጹዓትን ዘይንጹሓትን ኰይኖም ዚረኣዩ ዝነበሩ ዘይኣይሁዳውያን እውን ምስ ኣምላኾም ናይ ምርኻብ መሰሎም ሕልው ከም ዝኾነ ብዜርድእ ቃላትን ተግባራትን ጌሩ ነቶም ዚሸቕጡ ገንሖምን፡ ገሰጾምን ሰጐጎምን።

ሽዑ፡ "ነዚ ክትገብር ሥልጣን ከም ዘሎካ እንታይ ምልክት ትህበና" ኢሎም ምስ ሓተትዎ፡ "ነዚ ቤት መቕደስ እዚ ኣፍርስዎ’ሞ ብሠለስተ መዓልቲ ክሓንጾ ኢየ።" በሎም። ሰማዕቱ፡ "እዚ ቤተ መቕደስ እዚ በርብዓን ሽድሽተን ዓመት ኢዩ ዝተሓንጸ፡

ንስኻዶ ብሠለስተ መዓልቲ ክትሓንጾ ኢኻ?" ክርስቶስ ግና ብዛዕባ እቲ ሓቀይና ቤተመቕደስ፣ መለኮት ባዕሉ ሓዲሩዎ ዘሎ ሰብኣዊ ባህርዩን ሰብኣዊ ኾነቱን፡ ሕንጻ መዋቲ ሰውነቱ ኢዩ ዚተናገሮም።

ከምቲ ዝበሎም ብሓሶት ከሲሶም ኣሳቕዮም ኣብ መስቀል ሰቒሎም ብምቕታል ሕንጻ ምድራዊ ሕይወቱን ቤተመቕደስ መለኮታዊ ባሕርዩን ንዝኾነ ሰብኣዊ ሕይወቱ ብሞት ኣፍረሱዎ።

ብኃይሊ መለኮቱ ከዓ ከምቲ ዝበሎ ንመቃብር ፈንቂሉ፡ ንሞት ሚዒሩ፡ ብሣልሰይቲ መዓልቲ ብምትንሣእ ነቲ  ዘፍረስዎ ቅዱስ ቤተመቅደስ ሥጋኡ ብትንሣኤ እንደገና ሓነፆ።

ክቡራን ኣኅዋትን ኣኃትን ኣብ ቤት ኣምላኽ ብቅንዕና ንመላለስ፡ ብቅንዕና ንቑም። ሓሳብናን ቀልብናን ናብ ኣምላኽ ነልዕል። ንኵልና ውሉድ ኣዳም ብናፃ ንዝተዋህበና ድኅነት ከዓ መስከርቱን ነበርቱን ብሕይወትናን ብቃልናን ሰበኽቱን እምበር እምኒ ዕንቅፋት ካብ ምኳን ንጠንቀቕ።

እቲ ንሞት ሚዒሩ፡ ኣብ ሣልሠይቲ መዓልቲ ዓወት ትንሣኤ ዘበሠረና ኣምላኽ፡ ኣብቲ ዓወቱ ተሣተፍቲ ናይ ምኳን መሰል ንኵልና ሂቡና ኣሎ። ስለዚ ኣረማዊ፡ ኣይሁዳዊ፡ ጸሊም፡ ጻዕዳ፡ ዘይብሉ፡ ኵልና ንዓወት መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ናትና ናይ ምግባር መሰልና ብወገን ኣምላኽ ውሁብን ሕልውን ኢዩ። ኵልና ነዚ ተገንዚብና ንዝኾነ ሰብ እዚ መሰል እዚ መሰሉ ምኳኑ ብምርዳእ፡ ሕያዋን መሰኻኽር፡ ሕያው እምነትና ንኹን።

ወላዲተ ኣምላኽ እኖና እግዚእትነ ማርያም ኣደ ኵልና፡ በቲ ኣብ እግረ መስቀል ብዝተቀበለቶ ሓደራ ንኵልና ደቂ ኣዳም ውሉዳ፡ ብኣማላድነታ መሰል ውሉድ ኣምላኽ ብንሕልወሉ መንገዲ እንነብር ትግበረና። ኣሜን።